# ትብጻሕ ናብ መንእሰያት ኤርትራ

## ሳልሳይ ክፋል





ስእሊ መምህራን ተመሃሮን
እዚ ስእሊ ብግምት ብሰነ 1924 ዝተወሰደ'ዩ።

ስእሊ መምህራንን ተመሃሮን ኤርትራውያን ኣብ መጀመሪያ ከመይ ይመስሉ ከም ዝነበሩ ገለ ግምት ክህልወና ከርእየናን ይገብር። ልክዕ'ዩ እቲ ቀንዲ መሰረት ትምህርቲ ኣብ ኤርትራ ምስ'ቲ ሃይማኖታዊ ትካላት ተተሓሒዙ ዝኣተወ ደኣ ዝነበረ እንተ'ኾነስ፡ ጸኒሑ እቲ ዓለማውን፡ መንፈሳውን ትምህርቲ ተፈልዩ ክረአ ጀመረ።

ኣብ ዝሓለፈ ካልኣይ ክፋል፡ መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ተጊሆም። ከም ዘጽንዑን፡ ፍረ ጻማ ከኣ ከም ዝረኸቡን ክገልጽ እንከለ'ኹ። ካልኣይ ገጽ ናይ ዕብየተን ስልጣነን'ውን ከም ዝነብረ ብዙሓት ከም ዘዕልል'ኹምን ትርእይዎም ኣብ ክንደይ ቁም ነገር ከም ዝበጽሑ ምህላዎም'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ምስ ስእነት ስራሕን፡ ወይ'ውን ብካልእ ናይ ዝ'ኾነ ይ'ኹን ም'ኽንያት ናይ ወላድን ውሉድን ምፍልላይ፡ ብሕጽረት ገንዘብ ብዙሓት መንእሰያት ክመሃሩ ብዘይም'ኽኣሎም፡ ድሕሪት ኣይተረፉን። ብዘለዎም ኒሕን ሓቦ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ስራሕ፡ ከም ንግዲ፡ ኢደ ጥበብ ስራሓት ተወፊሮም ጸኒሖም ፡ በቲ ዘርኣይዎ ልዑል ዓቕልን ተጻዋርነትን ከኣ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሖም'ዮም።

ኣብ ንግዲ ዝተዋፈሩ፡ ኣብ ኢደ ጥበብ፡ ኣብ ምምራሕ መኪና፡ ምትዕርራይ ተንቀሳቓሲ መካይን ይ'ኹን ሞቶር ቢሽግለታ፡ ካልእ ኣብ ናይ ህንጻ ኣባይትን መራ'ኸብን፡ መብዛሕትኦም ብልምድን ተመክሮን ዘጥረይዎ፡ ብደረጃ ሞያ ዝሓዝዎ'ዮም።

ኤርትራውያን መንእሰያት፡ መነባብርኦም ንምምሕያሽ፡ ንዘጋጥሞም ጸገማት ማሕበራዊ ናብራ ንምቅላል፡ ኣብ ኣካዳሚያውን፡ ወይ ከኣ ብተግባር እንዳሰርሑ ዝተማህርዎ፡ ድሒሮም ነቶም ዕድል ዘይረ'ኸቡ ንኣሽቱ ኣሕዋቶም ከምህሩን ንስድራ ቤቶም ከኣ 'ኽጠውርዎም ክኢሎም።

ቅድም ክብል ዝነበረ ናይ ጾታዊ ፍልልይ፡ ጸኒሑስ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ዝኸውን ኣካዳሚያዊ ትምህርትን፡ ናይ ኢደ ጥበብ ኣብ ክሊ ድሩት ጀሚሩ፡ እዚ ከኣ ነተን ንቑሓትን ትግሃት ኣሓትና መንገዲ ከፈተለን። ትምህርቲ ኣዋልድ ተባሂሉ ዝፍልጠ ከኣ ተ'ኸፍተ።

እቲ ጾታዊ ፍልልይ ዝተራእየሉ ቀዳማይ ኣብ ባህሊ ዝተመርኾሰ፡ ጓልስ ተመርዕያ ሓዳራ ትግበር ካብ ዝብል ሓሳብ ዝነቐለ እንተነበረ፡ ኣቲ ዳሕረዋይ ወለዶ ግን፡ ነዚ ኣተሓሳስባ ሰዓሮ። ጓሉን ወዱን ከኣ ብሓደ ሓቢሩ ንትምህርቲ ክወፍር ጀመረ።
ካብ'ዚ ወጻኢ፡ ብሰንኪ መግዛእቲ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ስራሕ ቆላሕታ ዘየተግረሎም ኣካላት ሕብረተ ሰብና'ውን ከም ዝነበሩ ኣብ ግምት ምእታው ግድነት'ዩ። ኣብ ቆላ ይኹን ከበሳ ናይ'ዚ ተርእዮ ብግሁድ ይግበር ከም ዝነብረ፡ ብዙሓት ካብ ወለድና ጽሒፎምን ነቢቦም ዘይክእሉ ምንባሮም ሓደ ምስክር'ዩ።

ግን እቲ ትምህርቲ ክምዕብል ምስ ጀምረ፡ እቲ መንእሰይን ተማሃራይን ብሸምይ መንገዲ ክዓብይን ክኢሉ ዝብል እቲ ቀንዲ ጉዳይ ኣርእስትና ስለ ዝኾነ ካብኡ ከይወጽእ እንዳፈራሕኹ'የ።

ብዝኾነ መንእሰይ ኤርትራ ፈታው መጽሓፉን ደፍተሩን'ዩ ዝነበረ። ዝበዝሕ ግዜኡ ድማ ኣብ መጽናዕቲ ይሕልፎን ነበረ።

ኣብ ከባቢ ኣስመራ፡ ከም ቤተ ገርጊስ፡ ዓዲ ስሄል ከባቢ ማይ ተመናይ፡ ባርቦሬላ፡ ማይ ኣንበሳ፡ ራዳር ( መንገዲ ወኪ ዱባ) ዝኣመሰሉ ዕሙራት ኣግራብን ጫካታት ምስእቲ ልሙዕ ሳዕሪ ፡ ናይ ቀዳመ ሰንበት መውዓሊ መንእሰያት'ዩ ዝነበረ። ኣብ'ቲ ጫካታት ከኣ ኩሉ መንእሰይ መጽሓፉ ሒዙ ከጽንዕ ይውዕል'ሞ ኣጋ ምሳሕ ምስ ተቐራረበ ከኣ ንገዝኡ ይኸይድ።

ቀትሪ ጥራሕ መዓስ ኮይኑ፡ ኣብ እዋን መርመራ ዝቀራረበሉ ዝነበረ ግዜ ብፍላይ ኣብ'ዚ ዳሕራ እዋን መወዳእታ 60ታትን መጀመሪያ 70ታት ተመሃራይ፡ ንስድራ ቤቱ ከየተስእ፡ ገገለ'ውን ጸገም ናይ መብራህቲ ዝነበሮ( ቆጻሪ ኤለትሪክ ክቡር ብምንባሩ) ንስድርኡ ከየጸግም ኣብ ደገ፡ ናይ ጎደናታት ዓንዲ መብራሂቲ ተጸጊዕኻ ምጽናዕ ልሙድ ነበረ።

ነጸላ ተጎልቢቦም ኣብ ትዕቲ ዓንዲ መብራህቲ ኮይኖም ዘጽንዑ ከኣ ኣብ ክንደይ ፍልጠን ዕብየትን በጺሖም። ካልእ ከኣ ሽምዓ ይኹን ጋዝ ኣብሪሁ ክሳብ ዝኣኽሎ ተማሂሩን ክፈልጥን ክዕወትን ጽዒሩ'ዩ።

መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትምህርቶም ክተሓጋገዙን፡ መጽሓፍቲ ክለቃቕሑን፡ ክተሓታቱን( ክዋጠሩ) ክትርእዮም ሎሚ ኣብ ምንታይ ምስ ነበሩ ክትዛረብ ሕልሚ'ዩ።

ኣብ ኤርትራ ብዘይካ እተን ናይ ደቂ ውሽጢ ወይ ገዳማት ኣብያተ መጽሓፍቲ፡ ክፍሊ ትምህርቲ፡ ( British library ) Education (Counsel library) ዝኣመሰላ ቤት ንባባት ብምንባረን ናብ'ዚ ቦታ ዝበጽሕ ዋሕዚ መንእሰያት መጠን ኣይነበሮን።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መጽናዕቲ፡ ክርክር ተመሃሮ ልሙድ'ዩ ብምንባሩ ብዙሕ ግዜ ተመሃሮ ብዛዕባ ትምህርቶም ክዛረቡ ትሰምዕ።

መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ገዛ ዕዮ ንስድራ ቤቶም ዝደጋገፉ'ውን ብምንባሮም፡ እንዳተመሃሩ ንቤት ሰቦም ኣብ ዓዲ ይኹን ኣብ ከተማ ይተሓጋገዙ'ዮም። በዚ መንገዲ ከኣ ኣብ መንጎ ውሉድን ወላድን ርእዩ ናይ ምክብባር ዘለዎ ዝምድናታት ይረአ ነበረ።

ሓደ ሓደ መንእሰያት፡ ብቐትሪ እንዳሰርሑ፡ ብምሽታዊ ትምህርቲ እንዳተመሃሮ ብጻዕሮም ኣብ ዝደለይዎ ደረጃ ክበጽሑ ኪኢሎም'ዮም።

እዚ ኲነታት መንእሰያት ኤርትራ ግን ኩሉ ግዜ ብፖለቲካውን ማሕበራዊ ምጣነ ሃብታውን ዝተጸልወ ብምንባሩ፡ እቲ ኩሉ ሂወት ተመሃራይ ሰላምን ሰናይን'ዩ ዝነብረ ክበሃል ኣይከኣልን።

ይቕጽል

4 ጥቅምቲ 2006

ኣንቶንዮ ተስፋይ